# ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም
# ኣብ ሰማያዊ ዓድኻ ብድሓን እቶ

መወዳእታ ምዕራፍ ተጋደልቲ ስልሳታት እንዳተዓጽወ ካብ ዝኸይድ ኣይሓጸረን። ዓቢ ተጋዳላይ ዶ/ር ሃብተ ካብቶም ቀዳሞት ሃገራዊ ኤርትራዊ እዩ። ንሰውራ ኤርትራ ድማ ከም ኣካደምያዊ ምሁርን ፖለቲካዊ መራሕን ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ ቃልሲ ዴሞክራስያዊ ለውጢ ዘበርከቶም ቅያታት ብዙሓት እዮም። ገለ ጽሑፋት ገዲፉ ክኸውን ናይ ኩሉ ተስፋ እዩ። ምስ ዶ/ር ሃብተ መጀመርያ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ገነት ሆቴል፡ ኣብ ፌስታ ናይ ምሩቓት ህንጻ ኮለጅ፡ ኣብ መጀመርታ ስልሳታት ኢና ተራኺብና። ኣብኡ ምስ ካልኦት ምሩቓትን ተመረቕትን ኤርትራውያን ኵይንና ሃገራዊ ስምዒት ካብ ምግላጽ ኣይበኾርናን። ካልኣይ ርክብና ኣብ ፖላንድ ነበረ። ኣብኡ ንዶ/ር ሃብተን ክልተ ካልኦት ኤርትራውያንን ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ክሳተፉ ዕድመ ኣቕረብኩ፣ ከምኡ እውን ብዑምቀት ክንፋለጥ ዕድል ረኺብና። ድሕሪኡ እውን ኣብ ዋዕላ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ብ1970 ኣብ ጀርመን ተራኺብና ንመስመር ካብ ተ.ሓ. ኤ. ምፍንጫል ሓቢርና ገጠምና። ኣብ እዛም ርክባት ዕብየት ዶ/ክ ሃብተ ክግንዘብ በቓዕኩ። ንበዓልቲ ቤቱን ደቁን ስድራ ቤቱን ኩሎም መቓልስቱን (ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ) ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ብስም ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ስትራተጂ ዓዲ
2017-01-15 ስቶክሆልም
ሕሩይ ተድላ ባይሩ